# ***ከልቢ ህግደፍ ይነብሕ ገመል ንሐርነት ይግስግስ***

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*

*ብበርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*



*መዋጽካን ኣይስኒ ሚዒድካን ኣይልቢ*
*ንህላዌና ዝፋታተን ኣብልዕሌና ይዝንቢ*
*ማዓስ ኢኻ ኣዚርካ ትሐስብ ኣታ ህዝቢ..*

*ንማራመር እስከ ሃገራዊያን ደቂ ርስቲ*
*ክልተ ጎራሐት ምስጢራዊያን መዕነውቲ*
*እንታይ ተፋራሪሞም ኣብዚ ወረቓቕቲ..*

*ትኽስ ድሙ መዘንገዒ ኣናጹ*
*ርብዒ ዘመን ሐሊፉ ምስጥር ኣበይ ተገሊጽ*
*ፋሕ ኢሉ ህዝብና ካብ ማይቤቱ ወጺኡ ነፊጹ*
*ብሉኡላውነትና ዝጣልዑ ዓጽምና ተጋሂጹ..*

*ኣዲኣ ገዲፋስ ሐትነኣ ትናፍቕ*
*ሕድ ሕድ ኣባኢሱና ብማዕዶ ክስሕቕ*
*ንከዳዓት ኣረርኪብና ክንዲ ንድስቕ*
*ዓቢ ኑኡስ ብድቁሱ ንስልጣን የባሁቕ..*

*ብዘመን ፋሺሽቲ ሞሶሊኒ ኮምቢሽታቶ*
*ብዘመን ኣርዮስ ንጎደና ሕርነት ኣሎኒ ሕቶ*
*ኣብ ኣስመራ ሐርነት ኣሎዶ በይኑ ዝበሐቶ*
*መስከረም ናይ ሐሶቱ ተጋውሕ ኣላቶ*
*ጀነራላቱ ምኒስተራቱ ኮንቶ መራሒኦም ማቶ..*

ብኣርዮስ ኣሻሒት ዶላራት ዶ ፈሰሱ
ነቶም ብካድራት ጉሒላ ዝተኾስኮሱ
ሐለይቲ ህዝቢ ተመሲሎም ንኽልቅሱ..

ኣርዮስ ዘይዛረቦን ጨል ዘይትጣጥሚ ን የለን
ጥዑም ኣይወጾ መልሐሱ ዕረ
ኣብ ቲቪ ሐሶት ጀሚሩ መደረ
መራሒ ጩፍራ ወትሩ ምስ ኣዳናገረ..

መራሒ ህግደፍ መራሒ ሕማም ቲፎ
ኣርዮስ ኣሰር መንግስቱ ምጽዳፉ ዘይተርፎ
ወይለኹም ብግዝያዊ ጠቕሚ ትድግፉ እኒ ዘጎንፎ
መልሐስኩም ክይትዓጽፉ ሐዊ ምስዋር ግደፊ ግደፎ..

ብሕንብርቲ ዘይብሎም ከም ኣድጊ
ንርብዒ ዘመን መንግስቲ ብዘይ ሕጊ
ፍላስፋ ሐሶት ንመን ኢኻ ክተጋጊ..

ኣብ መጀመርያ ሐዲሽ ዓመት
ተዘርጊሖም ፍላስፋታት ሐሶት
ምልክቱ ናይ  ህግደፍ ውድቀት
ጩራ ብርሃን ከፊቱ ንሐርነት..

ሰውራና ኣብ ከባቢ ኣስመራ ምስ ተራእየ
ከም ተወልደ ረዳ ዓቢ ኑኡስ እንዳበለ ሸገየ
ተማሃራይ ሸቃላይ ሐረስታይ ክጋደል ጎየየ
ሕጂ ውን ታሪኽ ከይሐተና ደቂ ሃገረየ
ኣሰር ተማሃሮ እንዳ ማርያም ንከተል ሃየ..

ብተቓውሞ ህዝቢ ስለ ዝሰግኤ እንሆ
ብጉጅለ ኣርዮስ ካብ ምሸት ንንግሆ
ኣብ ፓል ፈስቡክ ጀሚሮምና ሆሆ
ንንሕናን ዕላማናን ብኣግኣዚ ተኪኡ

*መናውሒ ዕምሩ ሕንጻጻት ኣውጺኡ..*

*ብ3.ኣውራጃታት ዝተወከሉ ክመስሉ*
*ብስነሓሳብ ኣርዮስ ዝተመልመልሉ*
*መንነትኩም ሐቢኦም ሃለውሎው ዝብሉ*
*ብደለይቲ ፍትሒ መሰል ኣይትተሃመሉ..*

*ጉጅለ ኣባይ ከሎ የሎን ጽቡቕ ምምናይ*
*ዋጬ ዋጬ ከም ጠባይ ዘይብለን ኣህባይ*
*ተስፋጼዮን ሰዓብቱን ልቦም ጥዊይዋይ*
*ሐዋ ተሳውሩ ኣብ ምንጎ ኣስላማይ ክስታናይ..*

*ኣርዮስ ብ70 ንኣግኣዚ ብንሕናን ዕላማናን ገሊጽዋ*
*ሌባ ሌባ እንተበልዋ ሉባ ሉባ ዝበልዋ መስልዋ*
*ብልሳን ውሱባቱ ገሩ ድሕሪ 47 ዓመት ደጊምዋ..*

*ካብ ውድኢት ንሕናን ዕላማናን ኣይተማሃርኩምን ዶ*
*ወኪል ክስታን እየ ዝበለ ኣርዮስ ምዃኑ ትፈልጡ ዶ*
*ብግርህናና ንዓኖት ዓዲሙ ካብ ኩሉ ኣትሪፉና ባዶ*
*ኣይንተሃመል ያዕ ንበሎም ናይ ደገን ውሽጥን ነጋዶ..*

*ሌባ ብርዕኻ ጸላም ተጎልቢባ*
*ሌባ ሐሳዊት ልሳን ክቕላዕዩ ጉልባባ*
*ንመን ክተዳናግር ኪኢለ ኢልካ ዘረባ)*

*ሸኽ ናብ መስጊዱ ካህን ናብ ቤተ ክርስትያኑ*
*ኤረትራ ብስላማን ክስታንን ከም ዝቑመት እመኑ..*
*ገለ ብተልእኾ ገለ ብግርህና መሳርሒ ኣይትኹኑ*

*ኣንፈትና ስሒትና መሪጽናጌጋ መንገዲ*
*ክሳብ ማዓስ ክንከውን ኣገልገልቲ ባዕዲ*
*መናውሒ ዕምሪ ዲክታቶር ዘየእቱ ንዓዲ..*

ኣስላም ክስታን ኢና ደቂ ርስቲ
ሰሚዕኩም ዶ ናይ ፓል ለፍለፍቲ
መን ስልጣን ሂብኩም ትኾኑ ወከልቲ..

ኮንቱ ሕልሚ ስልቲ ኣግእዛያዊን
ጭርሖና ኣስላም ምስ ክስታን
ሕጂ ውን ኤረትራ ንኤረትራዊያን..

ግብራዊ ኣይረኤናን ብጀካ ዝዛረብ
ነቲ ንዛረቦ ንግበረሉ ገደብ
ሓንቢስካ ፂ ዝስገር ውሕጅ መረብ..

ከልቢ ህግደፍ ይነብሕ ግመል ንሓርነት ይግስግስ
ድሕሪ ወስ ኣብ ዓዲ ጀጋኑ ሕግን ፍትሕን ከንግስ
ድሕሪ ወስ ብደዌ ን ትምክሕት ምሳ ኹም ክድምሰስ..

ንጸላእትና ዕረ መዓር ንፈተውትና
ሕድሪ ሓምድ እድሪ ዓዋተ ዝተቐበልና
ንማሕለኻታት ጭፍራ ህግደፍ ሰጊርና
ከም ቀደምና ከይተሓለልና ክንቃለስ ኢና..

ኣብዚ 25ዓመት ዘይተንበርክኹ ንጭፍራ
ደም ይጥዓምኩም እወ ኣውሊዕ ያ ብንዴራ
ሓርበኛ ታትና እወ ተገኒዞም ብሰማይ ምድራ..

ኣነ ኣስላማይ እወ ኣነ ክስታናይ
ከም ትማሊ ብዘይ ምፍልላይ
በስላማይ ክስታናይ ክበርቕፂ ጸሓይ..

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና
ኤረ ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና
ዕንወት ንጃ ንዳ ህግደፍ ዘብሉ ይንበረልና